# ቪካል (VCAL) እንታይ’ዩ?

ቪካል ማለት ነቶም **11**ን **12**ን ዝበጽሑ ተመሃሮ ግብራዊ ስልጠና ዝህብ ናይ ሰርትፊኬት መደብ’ዩ።

ቪካል ምስ ስራሕ ዝተሓሓዘ ተመክሮ፣ መሰረታዊ ናይ ቁጽርን ንባብን ክእለትን ከምኡውን ንመጻኢ ኣብ ህይወትካን ስራሕካን ዝጠቕመካ ክእለታት ንኽትረክብን ኣጋጣሚ ዝህበካ’ዩ። ቪካል ልክዕ ከም ቪሲኢ.(VCE) ናይ ክልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ሰርቲፊኬት ዋጋ ኣለዎ።

እቶም ተመሃሮ ቪካል ትምህርቶም ምስ ወድኡ፣ ምናልባት ኣብ ናይ ቴፍ (ቤት ትምህርቲ ተክኒክን ተወሳኺ ትህርቲን)(TAFE) ትምህርቲ፣ ኣፕረንትሽፕ ወይ ድማ ስራሕ ምቕጻል ክግደሱ ይኽእሉ’ዮም። ዝኾነ ናይ ቪካል ተመሃራይ ናብ ቪሲኢ. ክቕይር እንተደልዩ ግን ጸገም የብሉን፣ እኳ ዳኣ ኩሉ እቲ ኣብ ቪሲኢ. ትማሃሮ ትምህርቲ ኣብ ቪካል ተጠቃሊሉ’ሎ።

ተዓጻጻፍነት ቪካል ደስ ዝብለካን ዘድልየካን ዓይነት ትምህርታዊ መደብ ንኽትወስድ ዘኽእለካ’ዩ። ምሉእ ተቐባልነት ዘለዎም ክፍልታት ትምህርቲን ኣሃዱታትን ዘጠቓልል ኣርባዕተ ግዴታዊ ዓውድታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፣

- ናይ ምንባብን ምጽሃፍን ከምኡውን ቁጽርን ክእለት
- ምስ ስራሕ ዝዛመድ ክእለት
- ምስ ውሱን ዓውዲ ሞያ ዝዛመድ ክእለት
- ክእለት ነፍሰ-ዕብየት

ቪካል እንተወዲእካ፣ ከምዝወዳእካ ዝገልጽ ሰርቲፊኬትን ዝርዝር ናይ’ቲ ዝወሰድካዮ ዓይነታት ትምህርትን ውጽ ኢቱን ዝሓዘ ሰነድ ይወሃበካ።

## ክፈልጦ ዝግባኣኒ

### ቪካል ክወስድ ዘድልየኒ ስለምንታይ’ዩ?

ቪሲኢ. ነቶም ቀጥታ ዩኒቨርሲቲ ክ ኣትዉ ዝደልዩ ጽቡቕ እኳ’ ተኾነ፣ ንዓኻ ግን ደስ ዘይብለካ ምርጫ ክኸውን ይኽእል’ዩ።

ቪካል ኣብ 11ን 12ን ዝውሰድ ተፈላጥነት ዘለዎ ናይ ካልኣይ ደረጃ ብቕዓት’ዩ። ቪካል ተግባረ-እድ ወድ ድማ ‘ግብራዊ ትምህርቲ’ ተባሂሉ ብዝፍለጥ ኣገባብ ይወሃብ። ቪካል እንተወሲድካ፣ ግብራዊ ተመኩሮን ስራሕ ዘርክበካ ክእለታት ተማዕብልን፣ ብተወሳኺ’ውን፣ ተወሳኺ ናይ ቴፍ ትምህርቲ ክትቅጽል ዘኽእለካ ክእለት የትሕዘካ’ዩ።

### ቪካል ኣበይ ክመሃር እኽእል?

ቪካል ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ፣ ትካላት ቴፍን ገለ ናይ በጽሕታት ማሕበረ-ኮማዊ ማእከላት ትምህርቲ (ACE) ይወሃብ’ዩ።. ነቶም ቪካል ዝህቡ ትካላት ንምርካብ ኣብ [www.vcaa.vic.edu.au](http://www.vcaa.vic.edu.au) ኬድካ Search for Schools and Study ምስ ጠወቕካ ዝርዝሮም ክትረክብ ኢኻ።

### ደረጃታት ቪካል ክንደይ’ዮም?

ቪካል ሰለስተ ደረጃታት ኣለዉ፥-Foundation (መሰረት)፣ Intermediate (ማእኸላይ)ን Senior (ላዕለዋይ)ን መምህርካ ወይ ናይ ሞያ ኣማኻሪኻ ዘድልየካ ደረጃ ንምውሳን ክሕግዘካ’ዩ።

### መእተዊ ብቕዓታት ኣለዉዎ’ዶ?

ኣይፋል። ቪካል ካብ ዓቕምኻ ተበጊስካ ኢኻ ትጅምሮ። መምህርካ ወይ ናይ ሞያ ኣማኻሪኻ ዘድልየካ ደረጃ ንምውሳን ክሕግዘካ’ዩ።

### ቪካል ንኽውድእ ክንደይ ግዜ ይወስደለይ?

ቪካል ንተመሃሮ 11ን 12ን ተባሂሉ ኢዩ ተዳልዩ። ፕሮግራም ናይቲ ዝመረጽካዮ ደረጃ ምስ ወዳእካዮ፥ ወረቐት ምስክርን ነጥብታትን ይወሃበካ። መብዛሕትኦም ተማሃሮ ቪካል ብሓደ ዓመት'ዮም ዝውድእዎ።

### ቪካል ምስ ወዳእካ እንታይ ኢኻ ትረክብ?

ቪካል ፕሮግራም እንተወዲእካ፥ በቲ ደረጃኻ፥ ናይ ፋውንደሽን፥ኢንተ'ሚደት ወይ ሲኔ' ወረቐት ምስክር ይወሃበካ። ብተወሳኺውን፥ ዝርዝር ናይ ቪካል፥ ቪሲኢን ቬትን (Vocational Education and Training) ነጥብታትካ ዝሓዘ ወረቐት ይወሃበካ።

### ቪካል ብጽቡቕ ንኽውድእ እንታይ ይሕግዘኒ?

## ቬት (VET) እንታይ እዩ?

Vocational Education and Training (VET) ኣብያተ-ትምህርቲ፥ ናይ ስልጥና ትካላትን ኢንዱስትሪታትን ተሓባቢረን ንተማሃሮ፥ ንስራሕን ተወሳኺ ስልጠናን ንኽህባ ኣጋጣሚ ይህብ። መብዛሕትአን ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ንቪካል ጽቡቕ ጌርካ ንኽትውድእ ዝሕግዙ ናይ ቬት ኮርሳት ይህባ ከምኡውን ብሃገር ደረጃ ኣፍልጦ ዝወሃቦ ናይ ሞያ ትምህርትን ስልጠናን ይህባ።

### ናይ ቬት ነጥብታተይ ንቪካል ይሕሰበለይ'ዶ?

እወ። ንመምህርካ ወይ ናይ ስራሕ ኣማኻሪኻ ክሳብ ክንደይ ንናይ ቪካል ትምህርትኻ ከምዝሕግዘካ ሕተቶ ብድሕሪኡ ንዝተረፈ ናይ ቪካል መደባትካ ወጥን።

### ድሮ ናይ ቪሲኢ ኮርስ ወሲደ ኣለኹ፥ እዚኸ ይሕግዘኒዶ?

እወ፥ 'S' ዝብል ውጽኢት ናይ ቪሲኢ እንተረኺብካ ንቪካል ክሕግዘካዩ። ብዛዕባዚ መምህርካ ወይ ናይ ስራሕ ኣማኻሪኻ ነቲ ዝተረፈ መደባት ብኸመይ ከም ትውድኦ ወጥን።.

### ሓሳበይ እንተ ቐይረ ናብ ቪሲኢ ክልውጥ እኽእል'ዶ?

እዚ ምርጫ ክትወስድ እንተደሊኻ ምስ መምህርካ ወይ ናይ ስራሕ ኣማኻሪኻ ተመያየጥ።

### ቪካል እንዳወሰድኩ ኣብ ትርፊ ግዜይ ኣፕረንትሸፕ ክመሃር ወይ ክቕጽል እኽእል'ዶ?

ኣብ ቪካል ከለኻ እቲ ናይ ትርፊ ግዜ ስራሕካ ኣፍልጦን ነጥብን ክሕሰበልካ ይኽእል'ዩ። እቲ ስራሕ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፥-

- ናይ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣፕረትሸፕ ወይ ትረይንሺፕ
- ናይ ትርፊ ግዜ ስራሕ
- ብትምህርቲ ዝወሃብ ናይ ስራሕ ልምዲ

### ናይ ቪካል ውጽኢትካ ብኸመይ ይግምገም?

ቪካል ተቐባልነት ብዘለዎ ኮርሳት/ሰርቲፊኬታት ዝኞመ'ዩ። ናይ ቪካል ውጺኢትካ ብመሰረት ቅጥዒታት መገምገሚ ነፍሲ ወከፍ ፕሮግራማት መምህርካ ይግምግሞ።

## General Achievement Test (GAT) ክፍተን ኣለኒ ዶ?

GAT( ጂ ኤ ቲ) ናይ ፍልጠትን ክእለትን ምጽሓፍ፣ ቁጽሪ፣ ስነ-ፍልጠት፣ ቴክኖሎጂ፣ ሂዩማኒቲ፣ ማህበራዊ ስነ-ፍልጠት፣ ስነ-ጥበብን ፈተና'ዩ። ብ 3ይን 4ይን ኣሃዱታት ናይ ቪሲኢ ተመሃሮ ይውሰድ'ዩ። ናይ ቪሲኢ፣ 3ን 4ን ቬት ዝወድኡ ግድን ጂ ኤ ቲ ክውሰዱ ኣለዎም። ናይ ቪካል ተመሃሮ ጂ ኤ ቲ ምውሳድ ኣየድልዮምን ኢዩ። ግን፣ ንቐጻሊ ንትምህርተይ፣ ስልጠናይን ስርሐይን ይጠቕመኒ ኢዩ ትብል እንተኾንካ ጂ ኤ ቲ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።

## እንታይ እየ ዝመሃር?

ብሓገዝ መምህርካ ወይ ናይ ስርሕ ኣማኻሪኻ፣ ዘድልየካን ትፈትዎን ዓይነት ናይ ቪካል ፕሮግራም ከተማዕብል ትኽእል ኢኻ። ንነፍሲ ወከፍ ካብዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ናይ ቪካል ግዴታዊ መስመራት ትምህርቲ(STRANDS) ትመርጾም ኣሃዱታትን ዓውድታትን ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ፦

### መስመር ትምህርቲ 1 - ናይ ምንባብን ቁጽርን ክእለት

ናይ ቪካል ትምህርቲኻ ናይ ምንባብብን ቁጽርን ክእለት ምምሕያሽ ዘጠቓልል ክኾውን ኣለዎ። ነዞም ዓይነት ትምህርትታት ካብቲ ናይ ቪካል ናይ ምንባብን ቁጽርን ፕሮግራማት፣ ናይ ቪሲኢ ናይ እንግሊዝኛን ቁጽርን ወይ ካብ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ዓበይቲ ምሩጻት ዓይነት ትምህርትታት ክውሰድ ይካኣል።

### መስመር ትምህርቲ 2 - ኣብ ፍሉይ ሞያ ዘተኮረ ክእለት

ናይ ማእከላይን ላዕለዋይን ደረጃታት ቪካል ብሃገር ደረጃ ተፈላጥነት ዘለዎም ናይ ቬት ብቕዓታት ከጠቓልሉ ኣለዎም። ይኹን ዳኣምበር፣ ሓደ ናይ ቬት ሰርቲፊኬት ኣብ ምውዳእ ከተቶኵር የብልካን። ንኣብነት፣ ንቪካል ዝሕግዘካ ተፈላለየ ናይ ቬት ዓውድታትን ኣሃዱታትን ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ በዚ ድማ ብተፈላለየ ሞያታት ድማም ስልጠና ትረክብ። ናይ ቬት ሞያታት ብዙሓት ክኾኑ ከለዉ ገለ ኣብነታት ንምጥቃስ፣ ኦቶሞቲቭ፣ ህንደሳ፣ምህናጽ፣ ምስሳይን ሸቐጥን፣ ማልቲሜድያ፣ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ፣ ሕርሻ፣ ምግራብ፣ ኣተሓሕዛ መኽዘንን ስነ-ጽባቐን።

### መስመር ትምህርቲ 3 - ምስ ስራሕ ዝዛመድ ክእለት

ናይ 'ስራሕ ምርካብ' ክእለት ('employability' skills) መታን ከተማዕብል፣ ቪካል ብትምህርቲ ቤት ዝወሃብ ናይ ስራሕ ተመኩሮ(WORK PLACEMENT፣ ኣፕረርንትሺፕ/ትረይኒሺፕ ወይ ናይ ትርፊ ግዜ ስራሕ ይህበና። ንስራሕ ዘዳልወካ ከም በዓል ናይ ስራሕ ጥዕና(occupational health and safety) ከምኡውን ናይ ቃለ-መጠይቕ ክእለትን (interview skills) እውን ክህበካክ ይኽእል'ዩ።

### መስመር ትምህርቲ 4 - ኣብ ሰብኣዊ ርክባት ዘተኮረ ክእለት

ከም ክፋል ፕሮግራም ቪካል፥ ኣብ ጉጅለኣዊ ዕዮ፣ ርእሰ-ምትእምማን ከምኡውን ካልእ ንህይወትካን ንስራሕካን ጠቓሚ ዝኾነ ክእለታት ኣብ ምምዕባል ዘቶኮረ ኣብ ማሕበረሰብካ ወይ ቤት ትምህርትኻ ፕሮጀክትታትን ጥፈፍታትትን ክትካፈል ኢኻ። ንኣብነት፣ ቤት-ትምህርትኻ ምስ ሎክል ካንስል ብምትሕብባር መናፈሻ ከዳሉ ይደሊ ይኸውን። ኣብ ከምዚ ዓይነት ፕሮጀክትታት ብምስታፍካ ትረኽቦ ትምህርቲ ኣብ ቪካልካ ነጥቢ የወስኸልካ'ዩ።

**ቪካል ኣበይ’ዩይ ዘምርሐኒ?**

**ቪካል ብግቡእ እንተወዲአ ናብ  ዝላዓለ ትምህርቲ ከብጽሐኒ ይኽእል ዶ?**

ካብ ትምህርቲኻ ናብ ዩኒቨርሲቲ ክትኣቱ ትሓስብ እንተለኻ፣ ቪካል ዝበለጸ ምርጫ ከይከውን ይኽእል’ዩ። ናብ ዝላዓለ ትምህርቲ ክቅጽሉ ዝደልዩ ተመሃሮ መብዛሕትኦም ግዜ VCE ወሲዶም ATAR-መእተዊ ነጥቢ ዝለዓለ ትምህርታት ኣውስትራልያ ካብ VTAC-ቪክቶርያን ተርሼሪ ኣድሚሽን ሰንተር ምስ ተዋህቦም እዮም ዝኣትዉ። ናይ ቪካል ዝላዓለ ደረጃ ትመሃር እንተኣሊኻ እሞ ብእኡ ዩኒቨርሲቲ ክትኣቱ እንተደሊኻ ምስ መምህርካ ወይ ናይ ስራሕ ኣማኻሪኻ ተመያየጥ ምኽንያቱ ገለ ዩኒቨርሲቲታት ሲኒ’  ቪካል ለቨል ይቕበላ’የን። ይኹን ዳኣምበር፣ ዩኒቨርሲቲ ካብ ቤት ትምህርቲ ጥራይ ኣይኮነን ዝእቶ።ገለ ሰባት ኣብ ቴፍ ናይ ሞያ ትምህርትን ስልጥናን ድሕሪ ምውሳድ ናብ ዲፕሎማ ወይ ኣድቫንስድ ዲፕሎማ ይሳገሩ’ሞ ብድሕሪኡ ዝጠቕሞም ናይ ዩኒቨርሲቲ ኮርሰ ንኽወስዱ ይውስኑ። ነዚ ንምግባር ድማ ቪካል ጠቓሚ’ዩ።

**ቪካል ምስ ወዳእኩ እንታይ ኣማራጺታት ኣለኒ?**

ቪካል ብ ናይ ቴፍ ትካላትን ኣስራሕትን ኣፍልጦ ዝወሃቦ ምስ ስራሕ ዝዛመድ ተመሮን ብቕዓትን ይህበካ። እዞም ኩሎም ካብ ትምህርቲ ናብ ስራሕ፣ ኣፕረንቲሺፕ ወይ ትረይኒሺፕ ከምኡውን/ወይ ተወሳኺ ናይ ቴፍ ስልጠና ንኽትወስድ የሰጉሙኻ።

ከም ኣማራጺ ድማ፣ ናይ ቪካል ደረጃ ፋውንዴሽን ኣብ 11 ጽቡቕ እንተወዲእካዮ ኣብ 12 ክፍሊ ንደረጃታት  ኢንተ’ሚዴት ወይ ሲኒ’  ክትቕጽል ትደሊ ትኸውን። ወይድማ ዩኒቨርሲቲ ይሕሸኒ ኢልካ ሓሳብካ ብምቕያር ናብ ቪሲኢ ክትልወጥ ትኽእል ኢኻ።

**ቪካል ናይ ብሓቂ ሞያ የውህበኒዶ ?**

ናይ ቬት ኣሃዱታት ከም ክፍሊ ናይ ቪካልካ መጠን ብግቡእ እንተወዲእካዮ ኣስራሕቲ ዝጠልብዎ ፍልጠትን ክእለትን ኣጥሪኻ ኣለኻ ማለት’ዩ፥ ንኣብነት ንቕሓት ኢንዱስትሪ፣ ኣጠቓቕማ ኣቑሑ፣ ናይ ስራሕ ጥዕናንን ድሕነትን።  ቬት ምውዳእካ ድማ ናይ ስራሕ ድሌት ከምዘለካ ንኣስራሒኻ ተርኢ።

ብዛዕባ ቪካል ዝያዳ ንኽትፈልጥ ናብ Victorian Curriculum and Assessment Authority  ብቕጽሪ ስልኪ 1800 134 197 ደውል አይ ድማ www.vcaa.vic.edu.au  ዳህስስ።